# ሰንበት ዘመፃጉዕ

## መጋቢት 3 2015 ዓ.ም. (3/12/2023)

**መዝሙር፡** አምላኩሰ ለአዳም . . . . ንአዳም አምላኹ ሰንበት ንዕረፍቲ ሰርዐ አይሁድ ንኢየሱስ ብናይ መን ስልጣን ኢኻ እዚ እትገብር ዘሎኻ በልዎ፥ ንሱ ኸአ ኣነ እገብር ኣሎኹ ንስኹም ከአ ብግብረይ እመኑ፥ ኣነ ጎይታ ሰንበት እየ፥ ንምሕረት ከአ ኣብአ እየ፥ ንአይ ኣብ ምድሪ ሓጢአት ክሓድግ ተፈቒዱለይ እዩ። ናጽነት ክሰብኽ ንዕዉራት ኣዒንቶም ከብርሃሎም ከአ ኣቦይ ልኢኹኒ እዩ።

> **ንባባት፡** 1ቆሮ 10፡1-12፥ ያዕ 5፡14-ፍ፥ ግ.ሓ. 3፡1-12፥ ሉቃስ 13፡1-9
>
> **ስብከት፡** እግዚአብሔር ይረድኦ ውስተ ዓራተ ሕማሙ፥ ወይመይጥ ሎቱ ኵሉ ምስካቢሁ እምደዌሁ፤ ኣንሰ እቤ እግዚኦ ተሣሃለኒ። ሓሚሙ ምስ ደቀሰ እግዚአብሔር ይድግፎ፥ ካብ ሕማሙ ድማ የሕውዮ። ኣነኸአ ኦ ጎይታይ በዲለካ እየ እሞ ምሓረኒ ካብ ሕማመይ ከአ ኣሕውየኒ መዝ. 41፡3-4።

ብመዓልቲ ሰንበት ኣብ ጎይታ ሰንበትን ኣቦ ምሕረትን ቀሪብና ምስኡ ክንዕረቕን ካብ ኩሉ ኃጢአትና ክነጽሕ ዘዘኻኽረና መዝሙር። ምጻጉዕ ክፉእ ሕማም ሥጋ እዩ ክርስቶስ ንብዙሓት ካብዚ ሕማም ኣሕውይዎም ሎሚ ኣብዚ ዘመና እዚ ሕማም ኣብ ገለ ክፍሊ ዓለማት እንተ ዘይኮነ ዳርጋ ጠፊኡ እዩ። ሎሚ ንሰብ ኣሸጊርዎ ዘሎ ዝተፈላለየ መንፈሳዊ ሕማም መፃጉዕ እዩ። ሰብ ከይሓዊ ኣብዩ እቲ ሕማም እናከበደን ከፍኤን ኣብ ዓለምና ንርእዮ ኣሎና፥ ናይ ሎሚ ሰንበት እምብአር ኣብ ነፍስና ተመሊስና ኣጥቂዑና ዘሎ ሕማም መንፈሳዊ መፃጉዕ ኣለሊና ክንሓዊ ኣብቲ ኣቦ ምሕረት ንቕረብ። ክነጽሕ እንተ ደለና ኣብ ኣምላኽና ንቕረብ።

ኣስተንትኖና ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል እንተ ርኤና ክንሳሕ ዝዕድም እዩ። ኣብ ጊዜ ጾም ልዕሊ ኹሉ ክንዝክሮ እሞ ኣብ ሕይወትና ብተደጋጋሚ ዘድልየና ምሕረትን ፍቕሪ ኣምላኽን እዩ። ኣምላኽና ኩሉ ጊዜ ኣብ ቃሉ እሙን ፈቃር ኣቦ እዩ። ኣባና ዘለዎ ፍቕሪ ኩነታትና ብዘየገድስ፥ ኃጢአትና ዝኸፍአ ይኹን ኣይቅየርን እዩ። ንሱ ኣፍቃሪ ጥራሕ ኣይኮነን ብርእሳ ፍቕሪ እዩ። ፍቕሪ ብርእሳ ናቱ እንታይነት እያ። ንሱ ዘየፍቅር ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ፍቕሩ ከም ፀሓይ ንኹሉ ብርሃና ንጥዑያትን ሕሱማትን ብማዕረ እትህብ እዩ፥ ከም ዝናም ኣብ ልዕሊ ጻድቃንን ኃጥአንን ብማዕረ ዘወርድ እዩ። ንሕና እምብአር ንእኡ ክንመስል ኣብ ኩሉ ሕይወትና ክነስተንትኖ እሞ ብዘይ ቅድሚ ኩነት ንኹሉ ክነፍቅር። ኩነታቶም ብዘየገድስ ጠባዮም ብዘየገድስ ክነፍቅሮም እሞ ሰናይ ክንገብረሎም እዩ ድላይ ኢየሱስ መምህርና። እዚ ንእና ደቂ ሰብ ከቢድ እዩ ግን ኣብዚ እዋን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተደፊእና ሕይወትና ክንርኢ እንተ ኸኣልና ኣብ ግብሪ ክንፍጽሞ ኣይክኸብደናን እዩ።

ኣምላኽ ንኹሉ ብማዕረ እዩ ዘፍቅር ንዝብል ኣብ ገለ ኩነታት ከምዚ ኣብ ወንጌል ዝተነበ ክንቅበሎ ወይ ክንርድኦ ይኸብደና። ኣብ ገለ እዋን ቁጥዓ ኣምላኽ ክርእ ንደሊ። ሕነ ክፈዲ ምዓት ከውርድ ክንርኢ ንደሊ፥ ኣብዛ እንነብራ ጉኮተኛ ዓለም ኣምላኽ ምዓቱ ከውርድ ዳርጋ ክንርኢ ንደሊ ብፍላይ ሕማቕ ንዝገበሩና ውድቀቶም ሞቶም ክንርኢ ንደሊ።

ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ናትና ተግባር ዘይምስረት እንተ ዀይኑ፥ ኣባና ዘልኦ ፍቕሩ ብዝገበርናዮ ክፉእ ዘይቅየር እንተ ዀይኑ ከምድላይና ክንገብር ንኽእል ማለት ድዩ? ጽቡቕ ወይ ሕማቕ ሕይወት ክንመርሕ ኣድላዪ ድዩ? ኃጢኣት እንተ ገበርናን እንተ ዘይገበርና እንታይ ለውጢ ኣልኦ? ኣብ ከምዚ ዝብል ምጥርጣር እንተ ወረድና ናይ ብሓቂ ድንገታዊ እዩ።

ናይ ሎሚ ንባባትና ሰለስተ ነገራት ይሕብሩና፡

- ድሕነትናን ከም ሰብ ፍጽምና ክንረክብ ብዘይ ፍቕሪ ኣምላኽን ብዘይ ሓገዙን ኣይንኽእልን ኢና። ብዘይ ኣምላኽ ሓንቲ ጽቡቕ ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና።
- እግዚኣብሔር ንደቂ ሰብ በቲ ሕማቕ ጠባዮምን ግብሮምን ኣይቀጽዕን እዩ።
- እግዚኣብሔር ብዘይድላይናን ብዘይ ናትና ተሳትፎን ኣየድሕነናን እዩ።

እዚ ፍጹም ሓቂ እዩ ሓንቲ ክንጠራጠር የብልናን። ወላ ኃጢኣት እንተ ገበርና ኣምላኽ ካብ ምፍቃርና ሓንቲ ለውጢ ኣይገብርን እዩ። ግን ኃጢኣት እንተ ገበርና ኣይነፍቅሮን ኢና ዘሎና። በዚ ምኽንያት ካብኡ ንፍለ። ፍቕሪ ብኽልተ እያ እትመጽእ። ክልተ ኣብ መንግኦም ብዝገብርዎ ውህደት እያ እትመጽእ። ብኽልቲኦም ብማዕረ ኣብ መንግኦም ምልውዋጥ ክሳብ ዘይተረኽበ ፍቕሪ ምልኣት የብላን። ስለዚ ናይ ኣምላኽ ፍቕሪ ኣነ ክሳብ ዘይተሳተፍክዎ፥ ኣነ ንኣምላኽ ፍቅሩ ክቕበል ርእሰይ ክሳብ ዘይከፈትኩሉን ናተይ ፍቕሪ ክሳብ ዘይሃብክዎን ውጽኢት ክህልዋ ኣይክእልን እዩ። ኃጢኣት ክንገብር እንከሎና ኣምላኽ ምፍቃርና ኣየቋርጽን እዩ፥ ንሕና ኢና ካብ ምፍቃሩ እነቋርጽ። ኩሉ ጊዜ ንሕና ኢና ነቲ ርክብ እንበትኮ።

እግዚኣብሔር ንሰብ ይቀትልዶ? ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል ሰባት ኣብ ኢየሱስ ቀሪቦም ነቶም ገለ ገሊላውያን ብሮማውያን ወተሃደራት ኣብ ቤተ መቕደስ እንከለዉ ዝቐተልዎም ነጊሮሞ። ኣብ መልሱ ኢየሱስ ካልእ ኣብነት ኣምጺኡሎም ናይ እቶም ህንፃ ወዲቕዎም ዝሞቱ 18 ሰባት ነጊርዎም። እዚኦም ካብ ካልኦት ዝኸፍአ ኃጢኣት ነርዎም ድዮም ተቐቲሎም? እዚ ኣምላኽ ከመይ ገሩ ከምዝቐጽዕ ዘርኢ ድዩ? ኣነ ብኸምዚ ዝኣመሰለ እንተ ዘይተሳቐኹ ኣይኃጣእኩን ማለት ድዩ?

ኣብ መንገና ኩሉ ጊዜ ሓደ ነገር እንተ ረኼና ከም መቕጻዕቲ ኣምላኽ ገርና እንርኢ ኣሎና። ኣብ ዓድና ኣብ ጊዜ ክረምቲ ብርቱዕ በረድ እንተ ወረደ እሞ ብዙሕ እንተ ጎድኤ ምስ በደልና ነዛምዶ? ከምኡ ሓደ ገፉዒ ሰብ ገለ እንተ ረኸበ በቲ ዝገበሮ ከም መቕጻዕቲ ገርና ንርእዮ? ኣብ ገለ እዋን ከኣ ኣምላኽ ዘፍቅረና እንተ ኾነ ስለምንታይ ነዚ ነገር ከይከውን ደው ዘየበሎ? ኣብዚ ንኣምላክ ከም ሓደ ተቖጻጻራይ ኣብ ዓለም ንዝግበር ነገራት ዝፍኑን ዝቆጻጸርን ገርና ንሓስቦ።

ንሓንቲ ነፋሪት ኣሸበርቲ ኣብ ውሽጣ ቦምባ እንተ ገበሩላ እሞ ኣብ ሰማይ እንከላ እንተ ተተኮሰ እቶም ኣብኣ ዝነበሩ ሰባት እንተ ሞቱ ብሰንኪ ዝገበርዎ ከም መቕጻዕቲ ገርና ክንርእዮ ንኽእልዶ? ወይ ከም ምንድቕዳቕ መሬት ኮይኑ ኣሽሓት ሰባት እንተ ሞቱ ፍሉይ በድል ከም ዝገበሩ ከም መቕጻዕቲ ወሪድዎም ክንብል ንኽእልዲና? ኣብ ኣፍርቃ ሕማም ኤይድስ ንብዙሓት ይቐዝፍ ኣሎ እዚኸ ካብ ኣምላኽ በቲ ዝግበር ዝርጋን ከም መቕጻዕቲ ዝወርድ ዘሎ ድዩ? ብዛዕባ እቶም ብዘይፈልጥዎ ብምትሕልላፍ ደም ዝላገቦም ወይ ኣብ ከርሲ ኣዲኦም እንከለዉ ዝተመሓላለፎም ሕፃናትከ እንታይ ክንብል ንኽእል መቕጻዕቲ ድዩ? ርግጽ ኤይድስ ናይ እቲ ሰባት ብዘይስሩዕ ርክብ ስጋ ዘምጽእዎ ክኸውን ይኽእል እዩ ግን ብቐጥታ ኢድ ኣምላኽ ኣልኦ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና።

## አምላኽ ንገለ ሰባት ዝያዳ የፍቅርዶ?

ኣብ ሕይወቶም ዓበይቲ ጸገማት ዝበዝሖም ሰባት ኣምላኽ ኣውሒዱ ስለ ዝፍቅሮም ድዩ? እቶም ከምገለ ካብቲ ዝወረደ መዓት እንተ ድሓኑ ዝያዳ ኣምላኽ የፍቅሮም ማለት ድዩ? ምናልባት ብኣንጻሩ እውን ክኸውን ይኽእል እዩ። እቶም ዝሞቱ ምስ ኣምላኽ ክራኸቡ ስንድዋት ክኾኑ ይክኣል፥ እቶም ዝተረፉ ግን ኣምላኽ ገና ክንስሑሉ ዝግብኦም ኣልይዎም ዝያዳ ዕድል ሂብዎም ክኸውን ይክኣል። ኢየሱስ ኣነጺሩ መጠንቀቕታ ይህብ፡ እንተ ዘይተነሳሕኩም ንስኹም እውን ከምኦም ክትሞቱ ኢኹም ይብል። መዓልቱን ለይቱን ኣይትፈልጡን ኢኹም እሞ ኩሉ ጊዜ ስንድዋት ኩኑ ማለት እዩ። ተነስሑ ክብል እንከሎ ውሽጣዊ ጣዕሳ ዘልኦ ፍጹም ተሓድሶ እዩ ዘስምዕ። ጨሪሽካ ሕይወትካ ምቕያር እሞ ሕይወትካ ንፍቕሪ ኣምላኽ ብምልኡ ምኽፋት እዩ ዘስምዕ።

## ኣብዚ ኢየሱስ ዝብሎ ዘሎ፡

- ኣነ ኣብ ሕይወተይ ኣብ ዝተፈላለየ ነገር ዕዉት እንተ ኾንኩ (ኣብ ገንዘብ፥ ክእለት፥ ክብሪ. . . . ) ጥዑይ ሰብ፥ ኃጢኣት ዘይብሉ፥ ኣምላኽ ዝያዳ የፍቅረኒ ማለት ኣይኮነን።
- ኣብ ሕይወተይ ስቓይ ጸገም እንተ ተጓነፈኒ ጨሪሹ ኣምላኽ ይጸልኣኒ ወይ ኣነ ዝያዳ ኃጢኣተኛ ማለት ኣይኮነን።

ኣብ ሓቂ እንተ ረኣናዮ ነፍስወከፍ ዝጓነፈና ነገር መግለጺ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ። ምናልባት ብፍሉይ ጸጋታት መንፈሳውን ንዋታውን ውህበታት እንተ ተዓደልኩ ኣምላኽ ብኣይ ገሩ ጸጋታቱ ንኻልኦት ክዕድል ስለ ዝደሊ ኣነ መተሓላለፊ ጸጋ ኣምላኽ ክኸውን ስለ ዝደልየኒ እዩ። ከምኡ ብሕማም ብሓደጋ፥ ብቃንዛ ወይ ውድቀት እንተ ተሳቐኹ ኣብዚ ኩነት እውን ህላዌ ኣምላኽ ክደሊ ይግብኣኒ። ነዚ መገዲ ምስ እንኽተል ጥራሕ ኢና ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽን ፍቕሪ ኣሕዋትን ክንዓቢ እንኽእል። ሕማማት ከም ብዓል ኤይድስ ከምኡ ካልእ ዓበይቲ ሕማማት ኣብ ቤተ ሰብን ኣዕሩክትን ዓሚቕ ፍቕርን ተገዳስነትን ክፈጥር ይኽእል። ኣብ ገለ እዋን ካብ መጠን ዝሓለፈ ጥዕናን ሃብትን ኣብ ርእስና ጥራሕ ከምእነተኩር፥ ንኣይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ካልኦት ኣይግድሱንን ኣብ ዝብል መንፈስ ክውድቐና ይኽእል። ፍቕሪ ኣብ ዘለዎ ኣምላኽ ኣሎ። ኣምላኽ ኣብ ዘይብሉ ሓቀኛ ፍቕሪ ክርከቦ ኣጸጋሚ እዩ።

## ደረት ዘይብሉ ዋሕስ የብልናን?

ኢየሱስ ሕጂ እውን ዝብለና ዘሎ ኣነ ዝተጠመቕኩ ክርስትያን ካቶሊካዊ ወላ እኹን ንድሕነተይ ኣብዚ ምድሪ ቀዋሚ ዋሕስ ኣሎኒ ክትብሉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ሰብ ቆሮንጦስ ዝጸሓፋ ዝተነበትልና ከም ዝብሎ ኵላቶም ኣብ ትሕቲ ደመና ነበሩ (ኣብ ጽላል ኣምላኽ ምኺን) ኩሎም ብባሕሪ ተሳገሩ፥ ኵላቶም ሰዓብቲ ሙሴ ኪኾኑ ብደመናን ብባሕርን ተጠምቁ፥ ኩላቶም ከአ ሓደ መንፈሳዊ መግቢ በልዑ፥ ኵላቶም ሓደ መንፈሳዊ መስተ ሰተዩ (ካብቲ ሙሴ ዝወቕዖ ከውሒ ዝፈሰሰ ማይ). . . . . እንተ ኾነ ብመብዝሕትኦም ኣምላኽ ኣይተሓጎሰን፥ ስለዚ ሬስኦም ኣብ በረኻ ተበቲኑ ተረፍ (1ቆር 10፡1-5) ይብል።

መንነት ወረቐት ወይ ፓስፖርት እንተ ሓዝኩ ኣነ ጥዑይ ሃገራዊ ማለት ኣይኮነን። ዝተጠመቕኩ እኹን ከምኡ ወላ ሕጂ እውን ቅዳሴ እሰምዕ እንተ ኣሎኹ ወይ ምስጢረ ኑዛዜ ዘዘውትር እንተ ኸንኩ ብርእሱ ኣነ ንኣምላኽን ንከማይ ዝበሉ ሰባት ከም ዘፍቅር ዋሕስ ኣይኮነን። ኩላትና ኣብ

ሕይወትና ብኸምዚ ዓይነት ሕይወት ዝኸድና እኹሉ ተመክሮን አፍልጦን አሎና። ድሕሪ ነውሕ ዓመታት ቅዳሴ ምስማዕን ኩሉ ጊዜ ኑዛዜ ብምዝውታርን አብ መንፈሳዊ ሕይወትና ሓንቲ ለውጢ ወይ ዕብየት ከየርኤና ክነብር ንኽእል ኢና። አብ ሕይወተይ ሓደ ዓይነት ኃጢአት ጥራሕ ሒዘ ናብ አበ ነፍሰይ ዝኸይደ እንተ ኮይነ ወይ እውን ኃጢአት የብለይን ኢለ ኑዛዜ ዘየዘውትር እንተ ኾይነ እዚ አብ ሕይወተይ ገለ ዘይስሩዕ ነገር ከምዘሎ ምልክት እዩ እሞ አብ ነፍሰይ አትየ ክፍትሽ ክሓትት ይግብአኒ።

## አብ ነፍስኻ/ኺ ምእታው ሓጋዚ እዩ።

ናይ ሎሚ ንባባትና አብ ውሽጥና ርኢና ክንክእል ዝሕግዙና እዮም። ንሕና ከምታ ኢየሱስ አብ ናይ ሎሚ ምሳሌ ዝበላ ኦም በለስ ኢና። እታ በለስ ሕይወት ነርይዋ እዩ እንተ ኾነ ፍረ ትህብ አይነበረትን፥ ስለዚ ክትቁረጽ እዩ ነሩ ዕጭአ፥ እንተ ኾነ እቲ ሓላው አታኽልቲ ጎይታይ ኩሉ ዘድሊ ድኾዕ ማይ ኩስኮሳ ክገብረላ እየ እሞ ክተፍሪ ሓንቲ ዓመት ዕድል ሃበኒ እናበለ ጊዜ ክውሃብ ሓቲቱ። ድሕሪ ዓመት ፍረ ክትህብ እንተ ዘይከአለት ሽዑ ትቍረጽ ኢሉ ንዋና አታኽልቲ ሓቲትዎ። አምላኽ አብኡ ክንምለስ አብ ሕይወትና ዘራእቲ ሰላምን ፍቕርን ኮና ሰናይ ፍረ ክነፍሪ እዩ ዝደልየና ምናልባት ሰይጣን ተዓዊትልና ዘይነፍሪ እንተ ኾና ክንምለስ አፍረይቲ ክንከውን አምላኽ ይጽበየና ዕድል ይህበና።

ነፍስ ወከፍና ከም ክርስትያን ነቲ ሓባራዊ ሕይወት ብጽቡቕ እናነበርና ጥራሕ ክነብር አይኮነን ጸዋዕታና። ዕለት ዕለት ብመንፈሳዊ ሕይወትና ዕብየት ለውጢ ክነርኢ ንአምላኽን ንከማና ዝበሉ ሰባትን አብ ምፍቃር ክንዓብየሉ ዝግብአና እዩ።

## ንመንፈሳዊ ዕብየት ዝሕግዘና ሕልናዊ ሕቶታት፡

- አብ መንጎ ስድራቤተይ ወይ ምስ አብ ከባቢአይ ከመይ ዝበለ ጽልዋ እየ ዝገብር። ንሰባት ብዝገብሮን ዝብሎን አብ የማንዶ አብ ጸጋም እየ ዝመርሖም።
- አብ ስራሕ ምስ መሳርሕተይ ከመይ ዝበለ ርክብ አሎኒ፥ ናተይ ህላዌ አብ መንጎ መሳርሕተይ ብሓቂዶ ጽቡቕ ነገራት የርኢ እዩ።
- ብዛዕባ ዘይመቕርበይ ወይ ዘይአዝማደይ ወላ እውን ብዝኾነ ነገር ክጠቕሙኒ ዘይክእሉ ሰባት ከመይ ዝበለ ርክብን አተሓሳስባን አሎኒ።
- እንታይ ዓይነት አበርክቶ አሎኒ (አብ ርእሲ እቲ አብ ቤተ ክርስትያን ዝህቦ ገንዘብን ኩሉ ጊዜ አብ ቤተ ክርስትያን ዝመጽኦን) አብ ቁምስናይ አብ ሰበኻይ አብ ምምዕባል ቤተ ክርስትያን ብሃገርን ዓለምን ደረጃ?
- ብሓፈሻ አብ ሕብረተሰብ እንታይ ዓይነት አበርክቶ እገብር? ወይስ ኩሉ ጊዜ ሕብረተ ሰብ ወይ ቤተ ክርስትያን ንአይን ንስድራይን ክገብሩለይ ጥራሕ እየ ዝጽበ?

## ክልተ መገዲ ፍቕሪ፡

መጀመርያ እግዚአብሔር ኩሉ ጊዜን አብ ዝኾነን ከም ዘፍቅረኒ ክፈልጥ አሎኒ። እንተ ኾነ እዚ ፍቕሪ አምላኽ አባይ ምሉእ ዝኸውን ብወገነይ ዘፍቅርን ዝግደስን ሰብ ምስ ዝከውን፥ ንአምላኽን ሰብን ብቃልን ብግብርን ምስ ዘፍቅር እዩ።

ካብ አምላኽ ዘፍርሕ ነገር የብልናን። ንሱ ብቐጥታ ንአና ይኹን ንዓለምና አይቀጽዕን እዩ። ንሕና ምርጫ አሎና አብ ጥቕኡ ክንመጽእ፥ ነቲ ንሱ ንአና ንምርካብ ዘርእዮ ፍቕሪ ክንርኢ፥ ነቲ ንሱ ዘርእዮ ፍቕሪ ክንቕበል ርእስና ክንከፍት ወይ ከምቲ በታኒ ወዲ ብመገድና ክንከይድ እሞ ካብኡ ተፈሊና አብ ስቓይ ዝመልኦ ሕይወት ክንአቱ። እቲ ምርጫ አብ ኢድና እዩ ዘሎ። ፍቕሪ አምላኽ ክንወስዶ አብ ቅድመና ይጸበየና አሎ። እንታይ ንጽበ አሎና፥ እንሆ ፈረስ እንሆ ሜዳ እዩ ነገሩ። መንፈሳዊ ትብዓት ለቢስና ንአምላኽን ሰብን ክነፍቅር ንተንስእ።

አብዚ ቅዱስ እዋን ጾሞ እምብአር አብ ፍቕሪ አምላኽ ክነዕቢ ናቱ ኮና አፍረይት ሰናይ ግብሪ ክንከውን። አብ ክርስትያናዊ ሕይወትና ከም ኩሎም ቅዱሳን አብ ግራት አምላኽ ንዝተዋህበና ጸጋ አፍሪና ቅድስና ክንለብስ እንውስነሉ ጊዜ ኢና ዘሎና። አምላኽ ዘየፍቅሮ የለን እሞ ካባና እውን ሎሚ ንአምላኽ ዘየፍቅር ከይርከብ ብጸሎት ንተሓጋገዝ።

አምላኽ ሎሚ እውን የፍቅረና እዩ፥ አብዚ ቅዱስ እዋን ቅድስና ለቢስና እንጉዓዘሉ ጸጋን ሓይልን ይሃበና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።